# ካብ መልስታት ኣ/መ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ፡
# ንሕቶታት ተሳተፍቲ መድረኽ ፓልቶክ 'ሞዳይና'

## ካልኣይ ክፋል

10.02.2010

(ኣቦ መንበር ሓዲሽ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ተጋ/ወልደሱስ ዓማር፡ ቀዳም ዕለት 6 ለካቲት 2010 ምሸት ካብ ሰዓት 9፡30 ክሳዕ ሰዓት 5 ንግሆ ሰንበት ብፓልቶክ ሞዳይና-ሩም ኣብ ዘካየዶ ህዝባዊ ኣኼባ፡ ከባቢ 40 ንዝኸውን ካብ ህዝቢ ዝቐረበ ሕቶታት ብንጹር ቃላት መሊሹ። ዝቐረበ ሕቶታት ኣገዳስን ንብዙሓት ሰማዕቲ ብዘዕግብን ኣገባብ ከም እተመለሸን'ውን ኣብቲ ድሒሩ ብፓልቶክ እተገብረ ሚዛናት ተገሊጹ። ካብ ዝቐረበ ሕቶታን መልስታትን ብተርታ ኣመጻጽእዩ፡ ኣሕጺርና ኣብዚ ታሕቲ ነስፍሮ ኣሎና፤ - ጽቡቕ ንባብ።)

**ሕቶ፡-** ሃገር ትባድም ኣላ፣ መንእሰይ ወለዶ ፈቐድኡ ተበቲኑ፤ ስድራ-ቤታት ተጸጊመን። መዓስ'ዩ እቲ ተቓዋማይ ክተት ኢሉ ሃገር ዘድሕን? ውድባት ኣብ ሓደ ዘይመጻ?

**መልሲ፡-** ጸገም ዝህቢ ከምቲ እተገልጸ ኢዩ። ብወገን ተቓወምቲ ሓይልታት፡ ብሓደ ክስራሕ ጽዑቕ ጻዕርታት ይግበር ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ፡ መጀመርያ፡ ንዝሓለፈ ፍሽለታት ምእንቲ ከይትደግም፡ ነቲ ብሕጂ ክግበር ዘሎዎን ናብ ህዝቢ ዝመሓላለፍ ቅኑዕ መልእኽትን ንጹር ምግባር የድሊ ኣሎ። ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ይኹን ነቲ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝቢ፡ ኣውራ ኸኣ ነቲ መንእሰይ ወለዶ፡ ዝስሕብ ሓባራዊ ራኢን መልእኽትን ክንውንን ይግባእ። ኣብ ሓደ ኣዓዋቲ ውደባ ዝብጻሕ ከኣ ሽዑ ኢዩ።

**ሕቶ፡-** ፕሮግራም ሓዲሽ ሰልፍኹም፡ ብጉዳይ ኣብ ሱዳን ዘሎዉ ስደተኛታት ክጠቅስ እንከሎ፡ ናይ መንነት ጸገም ከም ዘሎዎም ገይሩ የቕርቦ። ናይ መንነት ጸገም እኮ ኣይኮነን ጸገሞም? እስቲ ኣብርሃልና።

**መልሲ፡-** ኣብ ሱዳን ንመዋእል ዝቐመጡ ዘሎዎ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘይተፈትሐ ጸገማት መንነት'ውን ብርግጽ ኣሎዎም። ጊዝያዊ ፍታሕ እንተረኺቦም ከኣ ነቲ ጽባሕ ንግሆ ዝረጋገጽ ኤርትራዊ መንነት ዝሃሲ ኣይኮነን። ኣብ ሕቶኽቕ እተላዕለ ነጥቢ ኣብ ፓለቲካዊ ውሳኔታት ሓድነታዊ ዋዕላ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ዝጸደቐ ኢዩ። እቲ ኣቀራርባ ከኣ እቶም ኣብ ሱዳን ንብዙሕ ዓመታት ዝጸንሑ ኤርትራውያን «ናይ መንነትን ናይ መነባብሮን ጸገማቶም ስለዘይተፈትሓሎም ብኣህጉራዊ ትካላት ቈላሕታ ክግበረሎም» ዝብል ኢዩ። እዚ ከኣ ኣድላይን ቅኑዕን ጻውዒት ኢዩ።

**ሕቶ፡-** ኪዳን ኣብ ክልተ ዘይምቀል? እቶም ብብረታዊ ቃልሲ ዝብሉ ብሓደ ሸነኽ፤ እቶም ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን ኣገባብ ዝብሉ ከኣ ብኻልእ ሸነኽ ዘይኮኑ? ቻርተር ኪዳን «ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ» ተኸተሉ እናበለ እንከሎ ነዚ ዘይምእዘዙ ሸነኻት ካብ ኪዳን ዘይወጹ?

**መልሲ፡-** ቻርተር ኪዳን ነተን ኣባላቱ <u>«ኩሉ ዝከኣል ኣገባብ ቃልሲ»</u> ክጥቀማ የፍቅደለን። ትርጉሙ ከኣ፡ ነፍስ-ወከፍ እተን ውድባት/ሰልፍታት በብሚዛነን፡ ኣብዚ ሰዓት'ዚ የዐውት'ዩ፤ ብህዝቢ ቅቡል'ዩ ዝበልኦ ናይ ቃልሲ ምርጫ ክወስዳ እቲ ቻርተር ክፉት ገይሩዎ ኣሎ። ግድነት «ብረታዊ ቃልሲ» እውን ክትእውጃ ኣሎኪን ዝብል ትርጉም ነይሩዎ እንተዝኸውን እተን ኣብ ምምስራት ኪዳን ዝነበራ ውድባት/ሰልፍታትን ቦታ ኣይምነበረንን። ሓታታይ ካብቶም ቻርተር ኪዳን እንታይ ከም ዝብል ከይተረድኡ ዝዛረቡን ዘጋግዩን ትመስል። ብመሰረቱ እቲ ዝካየድ ዘሎ ኤርትራዊ ተቓውሞ፡ ብህዝባዊ ምልዕዓል፤ ብዜናውን ብዲፕሎማሲያውን ንጥፈታት ዝካየድ ቃልሲ ኢዩ። እቲ «ብረታዊ

ቃልሲ» ኣበልካዮ ኣዝዩ ንኡስ ሚእታዊት ናይቲ ቃልስና ኢዩ። ኩለን ውድባትና፡ እንታይ ስም ይሀብኦ ብዘየገድ፡ ከካይድኦ ዝጸንሓ ቃልሲ ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ናይ ምልዕዓል እንበር፡ ነቲ ብኣስገዳድ ዝተዓስከረ፡ እሞ ብኣምኣት ኣሽሓት ዝቝጸር ሰራዊት ሓምሺሽካ ኣስመራ ንምእታው ኣይኮነን። ንህዝብን ሰራዊትን ከሲብካ፤ ምስይቶም ዝኸሰብካዮም ኰንካ፡ ኣብ ምሉእ ለውጥን ዓወትን ንምብጻሕ ኢዩ እቲ ቃልሲ። ነብሰ-ምክልኻል ብዘዕቆበ ካድራት እንገብሮ ቃልሲ ከኣ ኣካል ናይቲ ህዝቢ ንምልዓል እንገብሮ እስትራተጅን ሜላን ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ስለዚ ኣብ ክልተ ደንበ ክምቀል ዘሎዎ ሓይልታት የብልናን። እንተሎ ከኣ ኣብ መስርሕ ይርኤ።

**ሕቶ፡-** ዝኾነ ሰልፊ ዝምርኰሰሉ ስነ-ሓሳብ ክውንን ትጽቢት ይግበረሉ። ናይ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ስነ-ሓሳብ/ኣይዲዮሎጂ እንታይ ኢዩ?

**መልሲ፡-** መደብ ዕዮ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ንማሕበራዊ ፍትሕን፡ ማዕርነትን ዝጣበቕ፤ ኣብ ጕኒ ውጹዓትን ጽጉባትን ደው ዝብል ርእዮተ-ዓለም ዝሓዘ መትከላት ኢዩ። እዚ ከኣ ማሕበረ-ዲሞክራሲያዊ (social democratic) ስነ-ሓሳብ ኢዩ።

**ሕቶ፡-** እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝግበር ግፍዕታትን ጃምላዊ መቕተልትን ብተቓወምቲ ውድባት ናብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ተጻሒፍሎምዶ ይፈልጥ?

**መልሲ፡-** እወ ይጸሓፍ ኢዩ። ውልቀ ውድባትን ማሕበራትን ካብ ሓያለይ ዓመታት ጀሚረን ናብ ብዙሕ መጋባእያታት ዓለም ከም ዝጽሕፋን ከም ዘዘኻኽራን ፍሉጥ ነገር ኢዩ። ግን ዝያዳ ክግበር ኣድላይነት ኣሎዎ።

**ሕቶ፡-** እዚ ብሕቡራት መንግስታት ዓለም ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እተፈርደ ማዕቀብ፡ ንሃገርና ብረት ከምዘይትገዝእ ገይሩ ከድክማን መፍቶ ጸላእቲ ክገብራን ኢዩ እናበለ ስርዓት ኣስመራ ንህዝቢ የነቓቕሕ ኣሎ። ነዚ ብኸመይ ትርእዮ?

**መልሲ፡-** እቲ ስርዓት ዘይኮነ ምኽንያታት ሃሰውሰ እናበለ ደገፍ ህዝቢ ዘሎዎ ክመስል ኢዩ ዝቃለስ ዘሎ። ሃገራት ብሕጊ እንበር ብሓይሊ ኣይኮናን ልኡላውነተን ኣዕቍበን ዝነብራ። ሓይሊ ዘሎዋ ሓያል ሃገር፡ ንድኽምቲ ሃገር ጐቢጣ እተሓድረሉ ዘመን ኣይኮናን ዘሎና። ብድሕሪ ሕጂ ከኣ፡ ልኡላውነት ኤርትራ ብሓይሊ ብረት ዘይኮነ፡ ብሕጊ ከቢሩ ክነብር ኢና እንደሊ። እቲ ስርዓት ግን ህዝቢ ከጋጊ ኢዩ ከምኡ ዝዛረብ።

**ሕቶ፡-** እቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ስርዓት ንህዝቢ ናይ ምትላል ዓቕሚ ከም ዘሎዎ ገሊጽካ። እዚ ሰሚሩ ዘሎ ሓይልኹም ነዚ ናይ ምትላል ዓቕምታት ህግደፍ ከመይ ክብድሆ ይኽእል? ነቲ ህዝቢ ናባኹም ንምስሓብከ እንታይ ጌርኩም ኣሎኹም?

**መልሲ፡-** ነቲ ናይ ጀብሃን ሻዕብያን ፍልልይ ኣብ ታሪኽ ገዲፍና ሓድነታዊ ጕዕዞ ምጅማርና ንርእሱ ዓቢ መልእኽቲ ንህዝብና ኢዩ። መደብ ዕዮና ንመላእ ሃገር ዝምልከት ምዃኑ እውን ሰሓቢ ኢዩ። ህዝቢ ናይ ምልዕዓል መደባትናን፡ ኣገባብ ቃልስናን ህዝቢ ቅኑዕ ኣገባብ ቃልሲ ስለዝኮነ ህዝቢ ኣብ ጐንና ዘዕስል ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ነቲ ናይ ጥሮታ መሰሉ እተገፈ ሰራሕተኛን፡ ነቲ ብዘይ ረብሓ ንነዊ ዓመታት ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጊዜኡ ዝባኸነሉ መንእሰይ፡ መሕወይ ክትገብረሉ ከም ዝግባእ ሰልፍና ይኣምን። ከምዚ ዓይነት መደባት እምነት ህዝቢ ዘኽስብ ኢዩ።

**ሕቶ፡-** በዚ ተገይሩ ዘሎ ሓድነት 4 ውድባትኩም እተሃደደ፡ እቲ ተበግሶኹም እውን ከይዕወት ዝደሊ ሸነኻት ኣሎ። ነዚ ዓይነት ተጻይነት ብኸመይ ትምልሹሉ?

መልሲ፡- እዚ ሓድነት'ዚ ንኻልኦት ክዕምጽ እተፈጥረ ኣይኮነን። ካብዚ ሓይሊ'ዚ ዝፈርሕ፡ ነዚ ሰልፊ'ዚ ሕማቕ ክገብር'ዩ ኢሉ ዝጥርጥር እንተል'ዩ፡ ነቲ ሰልፊ ከይፈለጦ ዝዛረብ ክኸውን ኣሎዎ። ዝያዳ ይፈትሸ፤ መጻኢ ተግባራቱ ከኣ ይተዓዘብ። ንተቓውሞና ከሐይልን፡ ንኪዳን ዝስማዕ ጽላል ኣብ ምግባር ጊደ ክጻወትን ንዝደሊ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ከይዕወት ዝምነ እንተል'ዩ እሞ መን ክንብሎ ኢና ?

ሕቶ፡- ሃገራዊ ዋዕላ ክግበር'ዩ እናተባህለ ካብ መሪሕነት ኪዳን ዘይርድኣካ ዓይነት ዕድሚታት ይስደድ ኣሎ። ንኣብነት ንሓደ መርበብ ፓልቶክ እተሰደ ዕድመ ኣሎ ሰሚዐ። እቲ እንርእዮ ውሽጣዊ ሃለዋት ኪዳን ስኒት ኣባላቱ ዘንጸባርቕ ኣይኮነን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ዋዕላ ተገይሩ ዕዉት ክኸውንድዩ ? ከይፈሸልከ እንታይ ክትገብሩ ትህቅኑ ?

መልሲ፡- እቲ ዋዕላ ናይ ምግባር ድልየት ቅድሚ 11 ዓመት እተሓልመ ኢዩ። ዝፈሸል ዋዕላ ከይግበር ከኣ'ዩ እተደናጎየ። ሕጂ'ውን ዝተረፈ ጉዳያት ከየጠጣሕካ ኣብ ዋዕላ ምእታው ኣኸሳሪ ከይከውን ተጠንቂቕና ኢና እነጽንዖ። ሓባራዊ ራእን፡ መላእ ህዝብና ዝቕበሎ መልእኽትን ከነመሓላልፍ ምስ እንሰማማዕ ኢና ዘይፈሸል ዋዕላ እንገብር። ነዚ ከኣ ጻዕርታት ክካየድ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ውሽጢ ውድባት ዝርኤ ኣሉታዊ ስምዒታት ክእረም እውን ጽዑቕ ርክባት ክካየድ ኢዩ።

ሕቶ፡- ቅድሚ ሕጂ ንጉዳይ ዋዲ ስዋት ወይ ናይ ፓኪስታን ኣውራጃ (ስዋት ቫሊ) ኣልዒልካ ዝተዛረብካዮ ዘረባ ብስኽፍታ እተቐበሎ ኣስላማዊ ሽነኻት ኣሎ ። ካብ ምንታይ ተላዒልካ ተዛሪብካ ?

መልሲ፡- እቲ ጉዳይ እተላዕለ ዝሓለፈ ዓመት ኢዩ። ኣብ ዋዲ ስዋት/ስዋት ቫሊ ውግእ ተገይሩ ክሳዕ ክልተ ሚልዮን ህዝቢ እተፈናቐለሉ ጊዜ ነይሩ። ኣብ ኤርትራ ፍልልይ መንግስትን ሃይማኖትን ከመይ ክኸውን ከም ዝድለ ምስ ተሓተትኩ ከኣ፡ ዝበልኩዎ ቃል ንቓሉ ከምዚ ኢዩ “ ዝዓበየ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖታዊ ሕጊ እትመሓደር ሃገር ትኹን: ኣብ ውሽጢ ሃገር ብሕቲ ሃይማኖታዊ ሕጊ እትምሓደር ክፍሊ ናይ ሃገር/ኣውራጃ/ ከም ስዋት ቫሊ ዓይነት፡ ኣይደሊን ኢዩ” ኢለ።(« The great majority of Eritreans will not accept politics that would lead us towards creating a confessional state in Eritrea, or one that allows "Swat Valleys" in its belly. » ነዚ ኣበሃህላ'ዚ ከኣ ወላ ሕጂ እደግሞ። ዕልማናዊት ሃገር ኢና እንተክል ምባል ከኣ ኣብ ፓለቲካዊ ፕሮግራም ሰልፍና ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ናይ ክዳን ስምምዕና ሰፊሩ ዘሎ ጉዳይ ኢዩ። ብዲሞክራሲይዊ ኣገባብ ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ውድድር ዘሎዎ ስርዓት ኢና ኣንተክል ማለተይ ነይሩ። ሕጂ'ውን ንሱ'ዩ እምነተይ። እንተ እቲ ሓደ ክፍሊ ናይ ኤርትራ ከም ስዋት ቫለ/ዋዲ ስዋት ክመሓደር ኣይተፍቅዱንዶ ንዝብል ሕቶ፡ ኣብ ኪዳን ብ2007 ፈቲሕናዮ ኢና። ኣይንፍቅድን። ብሃይማኖታዊ ስርዓት እትምሓደር ሃገር ትኹን ሓደ ክፍሊ ናይ ሃገርና ኣይህሉን ኢልና ኣሎና። ሕጂ ከምኡ ዝጠልቡ የለዉን። እንተመጺኦም ከኣ እንተወሓደ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝጻረሮ ጉዳይ ኢዩ።

ሕቶ፡- ዋዕላ ብራሰልስ ኣንጻር ህግደፍ ድዩ ነይሩ ?

መልሲ፡- እወ ኣንጻር ህግደፍ። ካብኡ ንላዕሊ'ውን ኣንጻር ህግደፍ ኣዝዩ እተዓወተ ዋዕላ ነይሩ። ንመጀመርያ ጊዜ፡ ናይ ተቓውሞ ውድባት ብሃገራት ኤውሮጳን ኣሜሪካን ይተሓገዝ ዝበለ ዋዕለ ነይሩ።

ሕቶ፡- ተገይሩ ዘሎ ማዕቀብ ኣንጻሩ ተንቐሳቒስካ ዝቕየር ጉዳይ ድዩ ? ስለምንታይ'ዩ እቲ ስርዓት ሰላማዊ ሰልፍታት ክግበር ዝድርኽ ዘሎ ?

መልሲ፡- ማዕቀብ ብሰላምዊ ሰልፍታት ዝልዓል ጉዳይ ኣይኮነን። ህግደፍ ግን እቲ ማዕቀብ ክልዓል ዘይኮነ ደገፍ ህዝቢ ዘሎዎ ስርዓት ክመስል ደልዩ ዝገብሮ ሸበድበዳት ኢዩ ኢለ’ሎኹ።

ሕቶ፡ ስርዓት ህግደፍ ናይ ህዝቢ ሰፈራ እናገበረ ኣብ ሃገር ጸገም ይፈጥር ኣሎ። ሰልፍኹም በዚ ጉዳይ’ዚ እንታይ ይሓስብ።

መልሲ፡- ሰልፍና፡ ሰፈራ ህዝቢ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ እሞ ኸኣ ሰላምን ቅሳነትን ራህዋን ህዝብና ዝዘርግ፡ መሬት ካብ ዋናታቱ መንዚዑ ንካልኦት ደቂ ሃገር ካብ መበቆላዊ ቦትኦም ዝፈናቕል መደብ ስለ ዝኾነ ብትሪ ይኹንኖ። ብሓይሊ እተወስደ መሬት ከኣ፡ ስርዓት ህግደፍ ምስ ተማሕወ፡ ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ክምለስ ኢዩ።

ሕቶ፡- ናይ ተቓውሞ መደበራት ንህዝብና ይመቓቕሎ ኣሎ። ሓደ ናይ ኣስላም ሸነኽ ተዳሙን ተባሂሉ ተገሚዑ። እቲ ካልኣይ ስላዕ ኪዳን ከኣ ሰልፊ ዲሞራሲ ህዝቢ ኢልኩም ናይ ክርትያን ክፋል ኰንኩም። እዚ ኪዳን እትብልዎ ንሃገር ኣብ ክልተ ናይ ሃይማትኖ ክፋላት ኣይመቐላን ክትብል ይከኣል ድዩ ?

መልሲ፡- ናይ ኣስላምን ክርትያንን ውድባት ምባል ምብራህ የድልዮ። ኣብ ተዳሙን ክልተ ናይ እስልምናን ንእስላምን ጥራይ ናይ ምጥባቕ መደብ ዘለወን ውድባት ኣሎዋ፤ ካልኦት ክልተ ከኣ ዕልማናዊ ራእይ ኣሎወን። ብሃገር ደረጃ ዝርኣያ ኢየን። ስለ’ዚ ተዳሙን ብድብዱቡ ናይ ኣስላም ውድብ ኢልካ ኣይግለጽን። ኣብ ስሳታት፡ ጀብሃ ወላ ክሳዕ 100% ዝበዝሑ ኣባላታት ናይ ኣስላም ስም ዝሓዙ እንተነበሩ፡ ሃገራዊት ውድብ እንበር ኣስላማዊት ውድብ ነይራ ኣይብሃልን። ከምኡ ዝበለ ከኣ ተጋግዩ። በቲ ዕላማኣ ኢያ ክትግለጽ ዝግባእ። ድሒራ’ውን ጀብሃ ክሳዕ 80-85% ናይ ክርትያን ስም ዝሓዙ ኣባላት ሰራዊት እንተነበርዋ፡ ጌና ሃገራዊት ደኣ እንበር ናይ ክርስትያን ውድብ ኣይነበረትን። ንኣብነት’ውን ቅድሚ’ዚ ምጽንባርዊ ሓድነት ኣነ ዝነበርኩዎ ሰልፊ ህዝቢ፡ 27% ኣባላቱ ናይ ኣስላም ስም ዝሓዙ ነይሮም። ክርስትያን ስለዝበዝሑዎ ግን ናይ ክርትያን ሰልፊ ነይሩ ምባል ቅኑዕ ኣይኮነን። ስለ’ዚ ሓዲሽ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ናይ ክርስትያን ሰልፊ ኣይኮነ፡ ናይ ኣስላም’ውን ኣይኮነን። ሃገራዊ ሰልፊ ኢዩ። እቲ ኣብ ክልተ ናይ ሃይማኖታት ቀጽርታት ተመቓቒልኩም ዝበልካዮ ከኣ ቅኑዕ ኣገላልጻ ኣይኮነን።

ሕቶ፡- ዋዲ ስዋት ኣብ ኤርትራ ኣይንቕበልን፤ ማለት ኣስላም ብሃይማኖቶም ክመሓደሩ ኣይነፍቅድን ኢልካ። ነቶም ኩናማን ዓፋርንከ እንታይ ተገብርዎም ? ኢትዮጵያ ከምኡ ገይራ ንዓሰብ ክትወስድ ድፍኢትን ሓገዝ ንብሄራዊ ምንቅስቓሳትን ትገብር ኣላ ዝብሃልከ ክንዲ ኤየናይ ኣሰካፊ ኢዩ ?

መልሲ፡- መሰል ህዝባ እተኸብር ሃገርን መንግስትን ምስ እንተክል፡ ኩሎም ክፋላት ሕብረተሰብና መሰላቶም ክሕሎ ኢዩ። እቲ ብሄራዊ ውደባ ዝኸተል ውድባት እውን ንኤርትራውነት ዝኸሓደ ኣይኮነን። ስኽፍታ የብልናን። እቲ ደገፍ ዝበልካዮ ከኣ፡ ይውሓድ ይብዛሕ ንተቓውሞ ኤርትራ ብምልኡ ዝወሃብ ኢዩ። ኣኻልን ኣብ ዓወት ዝብጽሕን ግን ኣይኮነን።ሓገዝ ጐረባብትና ክዛይድ ኢና እንጽበዮ።

ሕቶ፡ እዚ ነጻ ናይ ሬድዮ ፈነወታት ኣዝዩ ጠቓሚ መሳርሒ ሰላማውን ዲሞክራሲያዊን ቃልስኹም ኢዩ። ብሰልፍኩም እንታይ ሓገዝ ተገብሩሎም ?

መልሲ፡- ንሕናው’ውን ከም ሰልፊ ካብ ኢትዮጵያን ካብ ኤውሮጳን ንህዝቢ ኤርትራ ዘቕንዐ ናይ ሬድዮ ፈነዋታት ኣሎና። ነቲ ናትና ሓሊፍና ንነጻ ሬድዮታት ክንሕግዝ ጌና ዓቕሚ ኣየጥረናን። ነቲ ህላዌ ናጻ ሬድዮታት ግን ንድግፎ ኢና። ንኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክልተ ጊዜ ንዓዲ ሆላንድ ልኡኽ ክልተ ሰልፍታት ሰዲድና እተዓወትናሉ ጉዳይ ኣሎ። ንሱ ኸኣ ናይ ሬድዮ ፈነወ ሓገዝ ካብ ወጻኢ ሚኒስትሪ ሆላንድ ሓቲትና። ምስ ሓደ ሓውሲ-ነጻ ዝኾነ ኣብ ከተማ ሂልቨርሰም ዝርከብ ትካል መራኸቢ ብዙሓን ከም እንራከብ ገይሮም። እቲ ትካል ክሳዕ ሓባራዊ ፈስቲቫል መጺኡ ተዓዚቡ። ብመንግስቲ ሆላንድ ዝሕገዝ፡ ናብ ኤርትራ ዘቕንዐ ነጻ ፈነወ ሬድዮ ብዓረብን ትግርኛን ክጅምሩ፤ ንሕናን ካልኦት ተቓወምቲ ሰባትን ጉጅለታትን ከኣ ክንተሓጋገዞም ከም እንኽእል ቃል ኣቲናዮም። ካብ ብዙሕ ቦታታት ሰብ ኣምጺኦም መጽናዕቲ ኣካይዶም ኣሎዉ። እቲ ፈነወ ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ክጅመር ትጽቢት ኣሎና። እዚ ክውን ምስ ዝኸውን ንሰላማውን ዲሞራሲያዊን ቃልስና ዓቢ ደገፍ ክኸውን ኢዩ።

ሕቶ፡- ንስኻ ወልደሱስ ዓማር (ወዲ ከረን) ንመሰል ኣስላም ዘይትቕበል ክትከውን ትጽቢት ሰብ ኣይነበረን። ሰልፍኹም ዘይምእኩል ምሕደራ እናበለ፡ ሓደ ክፋል ወይ ኣውራጃ ኤርትራ ብሸሪዓ ክመሓደር እንተበለ ዘይተፍቅዱስ ብኸመይ ይርኤ? ሸሪዓ ዘይደሊ ኣስላማይ እኮ የልቦን ኢዩ። ስለምንታይ « ከም ዋዲ ስዋት » ኣብ ኤርትራ ኣይነፍቅድን ትብሉ? (ካልእ ሓታቲ ዝወሰኾ)፡ ነቲ ሕጂ ቆይሙ ዘሎ ኣስላማዊ ሰልፍታት ኣበይ ከተብልዎ ኢኹም?

መልሲ፡- መሰል ናይ ዝኾነ ክፋል ሕብረተሰብና ክግፈፍ ኣይንደልን። ዘይምእኩል ምሕደራ ጅግራፊካዊ ምምቕቓል ኮይኑ፡ ኣብኡ ዝነብር ህዝቢ ቦታዊ ምምሕዳሩ ባዕሉ ክካይዶ ምሉእ መሰል ክህልዎ ኢዩ። እቲ ናይ ሸሪዓ ጉዳይ ግን፡ ንናይ መርዓ ወዘተ (ኣሕዋል ኣሸኽሲያ) ዝምልከት ጉዳያት ኩሉ ጊዜ ቅቡል ሕግታት ኢዩ። እንተ’ቲ ብሃይማኖታዊ ሕጊ/ሸሪዓ እትምሓደር ሃገር ኣይኮንናን እንምስርት ምባል፡ ኣብ ኪዳን እተሰማማዕናሉ ጉዳይ ኢዩ። እቲ ብሕጊ ሃይማኖት እትምሓደር ሃገር ኣይንህነጽ ምባል፡ ክሳዕ 2007 ናይ ገለ ውድባት ቃልሲ ነይሩ። ኣብ ቻርተር ኪዳን ምስ ጸደቐ ግን ናይ ኵላትና ሕግን ዓወትን ኮይኑ። ኣብ ኤርትራ ከኣ ብሸሪዓ ሃገር ከተመሓድር ኣይከኣልን። ኩሉ ነገር ናቱ ባይታ ይሓትት።

ሕቶ፡- እቲ ተገይሩ ዘሎ ማዕቀብ ነቲ ህግደፍ ዝገብሮ ግፍዕታትን ሰብኣዊ መሰላት ምግሃስን ዝምልከት ኣይኮነን። ስለምንታይ?

መልሲ፡- ሓቅኻ፣ ኩሉ ማዕቀባት ንዞናውን ዓለማውን ሰላም ንምሕላው ደኣ’ንበር ንመሰል ሰብ ክሕሉ ኣይግበርን። ንመሰል ሰብ ክትሕሉ ምፍታን፡ ኣብ ናይ ዓለም -ለኸ ሕጊ (international law) ከም ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገር ምእታው ኮይኑ ኢዩ ዝቝጸር።

ሕቶ፡- ኣብ መንጎ ገለ-ገለ ውድባት ዝነበረን ዘሎን ፍልልይ ምርዳእ ኣብዩና። ንኣብነት ኣብ መንጎ ሰውራዊ ባይቶን ግንባር ድሕነትን ዝነበረ ፓለቲካዊ ፍልልይ እንታይ ነይሩ?

መልሲ፡ ፖለቲካዊ ፍልልይ ኣይነበረን። ንሓድነት ዝዓንቀፈ ናይ ሕሉፍ ጊዜ ቅርሕንትታት ግን ነይሩ። ኣብ ውሽጢ 2007፡ ሰልፊ ዲሞክራስን ሰውራዊ ባይቶን ምስ ግንባር ድሕነት ኣብ ዝለዓለ ናይ ሓድነት መስርሕ ክሰጋገሩ እዚ ዘይብሃል ጻዕሪ ተኻይዱ። ኣብ መወዳእትኡ ግን ግንባር ድሕነት ዘይሰገርናዮ ከቢድ ፍልልያት ኣሎና (መሰረታትና ከምኡ ይርእዩ) ብማለት ነቲ መስርሕ ሓድነት ክቕጽልዎ ከም ዘይደልዩ ገሊጾም። እቲ መስርሕ ሓድነት ከኣ ንሶም ብዘየለውዎ ቀጺሉ።

ሕቶ፡- ቀደም ንሰውራዊ ባይቶ ብሄር እንታይ ምኻና ምትርጓም ይጽግሞ ነይሩ። ሕጂኸ? ንሕቶ ብሄራትከ ብኸመይ ትርእይዎ?

መልሲ፡- ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ኤርትራ እቲ ትርጉም ብሄር መጽናዕቲ ዘድልዩ ኢዩ። ካልእ መጸውዒ ስም ስለዘይብልና ግን ንኹሉ ቋንቋዊ ፍሉይነት ዘሎዎ ክፋላት ህዝብና ብሄር ኢልና ንጽውዖ። እንተ'ቲ ሕቶ ብሄራት ዝበልክዮ፡ ንመሰለቶም ብዝርዝር ኣቐሚጥናዮ ኣሎና። እቲ ዘይምእኩል ምሕደራ ጆግራፊካዊ ዶባት ዘሎዎ ድኣ ይኹን እንበር፡ ኣብ ውሽጡ፡ ካብ ሓንቲ ብሄር ንላዕሊ ዝሓቐፈ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ውሽጣዊ ምምሕዳር መሰሎም ሕሉው ኢዩ። ንትምህርቲ ብዝምልከት ከኣ ኣብ መላእ ኤርትራ ኣብ መባእታዊ ደረጃ ናይ ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብን ትግርኛን ኢዩ። ብቋንቋና ክንምህር ዝብል ሕቶ ኣብ ዝተላዕለሉ ከባቢ፡ ብምርጫ ናይ'ቲ ከባቢ ህዝቢ ይውሰን። ብቛንቋኦም ክመሃሩ ዝመረጹ ከባቢታት፡ ትግርኛን ዓረብኛን ከም ሃገራዊ ቋንቋታት ጥራይ ክመሃርወን ይግበር። ብሓፈሻ ግን ንኹለን ቛንቋታት ንምምዕባል ዝኣክል ቅድመ ባይታን ትሕተ ቅርጻን ክዳለወለን ሰልፍና ክጽዕት ኢዩ።

ሕቶ፡ ድሕሪ ኢሳያስ ኤርትራ ኣብ ተመክሮ ሶማል ከይትሽመም ዝብል ፍርሒ ኣሎ። ብሓቂ ዘሎ ፍርሒ ድዩ?

መልሲ፡- ምጥንቓቕ ድኣ ኣድላይ'ዩ እንበር፡ ኤርትራ ከምኡ ፍርሒ የብላን። ኩሎም መለኸቲ « ብድሕረይ ክሽፍኣኩም ስለዝኾነ፡ ንዓይ ተኸናኸኑ » ምባሎም ዘይተርፍ ኢዩ። ብዘመን ሃይለ ስላሴ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ብጊዜ ሰዳም ሑሰን ከኣ ኣብ ዒራቕ ከምኡ ይብሃል ነይሩ። እዚ ግን ናይቶም ገዛእቲ ቋንቋን ምፍርራሓትን ኢዩ።

ሕቶ፡- ሰልፊ ዲሞራሲ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ሓዲሽ ነገር ኣምጺኡ ትብል?

መልሲ፡- ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ዝብሎ ዘሎ ኩሉ ሓዲሽ ኢዩ። ንርእሱ እቲ ንታሪኽ ጀብሃን ንታሪኽ ሻዕብያን ኣብ ሓደ ኣምጺእካ ጉዕዞ ምጅማር ቅድሚ ሕጂ ዘይበቓዕናዮ ታሪኻዊ ለውጢ ኢዩ። ቃልስና ብመሰረቱ ሰላማዊን ዲሞክራሲያውን ኢዩ ኢልካ ሰሚርካን ብትርን ህዝቢ ኣብ ሓደ ሰልፊ ክትውድብ ምትንሳእ'ውን ዓቢ ለውጢ ኢዩ። ነቲ ኣብ ተቓውሞ ከም ዓቢ ፍልልይ ክቍጸር ዘይግብኦ ከም ሕቶ ቅዋምን፡ ባንዴራታትን ዶብን ወዘተ ኣውን ካብቲ እተሰግረ ፍልልያት ኢዩ። ኩሉ ከኣ ሓዲሽ ተበግሶ ዝሓተተ ነይሩ። ውሽጣዊ ለውጢ ናይቲ ሰልፊ ዘንጸባረቐ ነይሩ። ሰልፊ ዲሞራሲ ህዝቢ ኩለንትንኡ ሓዲሽ ኢዩ። ንህዝቢ ኣብ ቃልሲ ዝዕድም፤ ንመንእሰይ ኣብ ፓለቲካ ዘነይት ለውጥታት ኢዩ ንብል።

ሕቶ፡- መንእሰይ ክትከስቡ እንታይ ጻዕሪ ተካይዱ? (ካልኣ ሓታቲ ዝወሰኻ)፡ናይ መንእሰይ ሰልፊ እንተቐይሙ እንታይ ይመስለካ?

መልሲ፡- ካብ መላእ ናይ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ 80% ዘይውሕድ፡ ካብ 35 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሜኢ መንእሰይ ወለዶ ኢዩ። ሰልፍና ናይዚ ወለዶ'ዚ ክኸውን ኢና እንቃለስ። ብፈጻሚ ደረጃ ከይተረፈ ናይ መንእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ቤት ጽሕፈታት ከፊትና ኣሎና። (መልሲ ንካልኣይቲ ሕቶ)፡ መንእሰይ ኣብቲ ዘሎ ሰልፍታት ኣትዮም እንተ ተቓለሱን እንተወረስዎን ዝሓሸ ምኾነ። ናቶም ሓዲሽ ሰልፊ ጌይሮም እንተተቓለሱ ኸኣ መርሓባ ንብሎም።

**ሕቶ፦** ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ስላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ቃልሲ እናበለ፡ ነብሰ-ምክልኻልን ምትዕጽጻፍን ብዝብል ምኽኒት ናብቲ ዓመጻዊ ቃልሲ ዝምለስ ስለምንታይ? እዚ ንኣድሕዱ ዝተሃራረም ቃላትዶ ኣይኮነን?

**መልሲ፦** ንኩነታት ሃገርና ኣብ ግምት ኣእቲኻ ንኣድሕዱ ዝተሃራረም ኣይኮነ። እቲ ቀንዲ እስትራተጂ ንዓመጽ፤ ንብረታዊ ቃልሲ ኣይኮነን። ናይ ዓወት እስትራተጂ ሰልፍና ህዝቢ ኣንጻር እቲ ስርዓት ኣላዒልካ ምዕዋት ኢዩ። ሎሚ ሰራዊት ሃኒጽካ፣ ብረታዊ ቃልሲ ኣካይድካ፤ መሬትን ሰብን ነጻ ምውጻእ ዝብል መርሆ መድረኹ ዝሓለፈ ኢዩ ንብል። ህዝብና ኣይቅበሎን፤ ጐረባብርትና እይቅበልዎን፤ ከምኡ'ውን ዞናናን ዓለም ብምልኡን ዝቕበሎ እስትራተጂ ኣይኮነን። ዓመጻዊ ቃልሲ ናይ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ዓለም፡ ካብ ስሳታት ክሳዕ ክፍላ ሰማንያታት ነይሩ፤ ዘመኑ ኣብቂዑ ኢዩ። ስለ'ዚ እቲ ሒዝናዮ ዘሎና ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ኢዩ። ኰይኑ ግን፡ ሰልፍና ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ትሕተ-መሬት ድልዱል ህላዌኡ ከረጋግጽ ኢዩ። ነዚ ኣተሃላልዋ'ዚ ከኣ እቶም ዝንቀሳቐሱ ካድራት ብዝከኣል ነብሶም ካብቲ ዓማጺ፤ ቐታሊ ዝኾነ ስርዓት ክከላኸሉ መሰል ኣሎዎም። ከምኡ'ውን ነቲ ናይ ህዝቢ ምልዕዓል ሓጋዚ'ዩ እንብሎ ስራሓት ካብ ምግባር ኣይንኽልከልን። እዚ ኹሉ ግን፡ ብረታዊ ቃልሲ ወይ ሕድሕዳዊ ምቅትታል ንምምጻእ ዘይኮነ፡ ህዝቢ ኣንጻር ስርዓት ንምልዕዓልን፡ ነቲ ስርዓት ብህዝባዊ ሓይሊ ንምምቋሱ ኢዩ። ተጻራሪ ቃላት ኣይኮነን።